

## ብ ፍረወይኒ ባይረ ኣብ መበል 25 ዓመት ፌስቲቫል ካስል ዝቀረበ ግጥሚ

8.08.2010

ኣጋይሽ ተቀበሉ በልዎም መርሓባ
ከምቲ ዝነበረ ኣጋባብ እንዳባ
እተዉ በልዎም ኣልብስዎም ካባ

ዮዉሃና ኢዮበላያዊት ዕለት
ንህዝቢ ኤርትራ ዳግማይ ዘበሰረት
ምልክት ናይ ጽንኣት ኣለኹ ዝበለት

ናይ 61 ዳግማይ ልደት
ፋሕብትን ዝበለ ኩሉ ዝኣከበት
ዓቢ ፍጻመታት እጃም ዘቀበለት

ካብ ሩሑቑን ቀረባን ጠርኒፋ ንኹሉ
ዝተፈልዩ ብጾት ዝኣከበትሉ
ዝጸምኤ ናፍቆትና ዘርወናሉ

ኢዮበልያዊት ዕለት ከማዓልኪ
ጠፊኦም ዝነበሩ ቡጾት ዝኣከብኪ
ኪዳን ኣቑምኪ ንዋዕላ ዘፍረኺ

ታኣምር ናይ ታሪኽ  ብግብሪ ዘመስከርኪ
ማኣዲ ናይ ዘተ ጽንዓት ዘበሰርኪ
ንኹሉ ኣኻኺብኪ ምሕዝነት ዝፈጠርኪ

ኪዳን ኣቑምኪ ኣብ ከርስኺ
ንሓድነት ብግብሪ ተቓሊስኪ
ኣብ ዋዕላ በቒዕኪ ዓወታት ሓፊስኪ

ድርብ ዉራይ ኮይኑ እስከ ዓንዱሩ
ብገበላ እተዉ ዳስኩም ይዕምሩ
ዕልልታ ደርጉሑዎ ጨብ ጨብ ወስኹሉ
ዉራይኩም ኣጸብቑ ቀሲንኩም ሕደሩ
ንወራዶ መርዓ እጃም ኣቀብሉ
ዳስኩም ክዕምር ለጋ ሽቦ በሉ

የማነ ጸጋም ኣይትስምዑ ዘረባ
ጸይቅታት ዝኣልም ጽባሕ ኣብኣ ይረኽባ
መቅጻዕቱ ይቅበል በጋባብ እንዳባ

ጥራሕ ኪዱ ንቒድሚት ገስግሱ
ዋዕላኹም ግበሩ እተዉ ብኽርሱ
ህዝቢ ይጽበ ኣሎ ክኸዉን ደበሱ

ዘላኣላማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዋኣትና
ዓወትን ኣሳልጦን ንደላይ ለዉጢ